# ላንግላንጋንነት (Ambiguity)

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራበር

ሰላም ከመይ ቀኒኹም ተኻታተልቲ ወይብ-ሳይታት፡ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ይጠቅም ዝብል ኣርእስቲ **ላንግላንጋንነት**(**Ambiguity**) ምምራጽና፣ ነዚ እንዕዘቦን እንሰምዖን ዝቖነና ዝተፋላለየ ቃለ-መጠይቕ፣ናይ መራሕቲ፡-ውደባት፣ምንቅስቓሳት፣ህዝባውያንን ሲቪካዊ ማሕበራት፣ዘባውያን ዓለምለካውያን ናይ ይኣክል ሽማግለታት ኢና ዝብሉ፣ ሙሁራትን ሞያውያንን፣ናይ ፖለቲካ ተማራመርቲ ዝብሉ፣ ውልቃውያን ሓርበኛታት ወዘተ... ዘቕርብዎ ብምስማዕን ብምክትታልን፤ኑጹርን ግዜ ዝጠልቦ ውሳኔ፣ብቕዑን ሙዑቡል ስትራተጂ፣ ውሑሉል ዝኾነ ፖለቲካ፣ኣዐዋቲ ዝኾነ ስልቲ ኣብ ክንዲ ምጥቃም፣ hairsplitting ምርቕቓቕ/ስውያ ዜውጽእ ዓይነተ ስነሓሳብ ወይ ሞጎት ኢና ተዓዚብና። እዚ ዓይነት ኣታሓሕዛ ወይ ኣቃራርባ ግን ኣይግድን፡፡

ካበይ ነቒልኩም ናበይ ንምብጻሕ ዝብል ሕቶ፣ ሓርበኛ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ናብ ኢትዮጵያ ጐዕዝኡን ድህሰሳ ብኸመይ ነዚ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ብፍላይ ክኣ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ሃዋህው ፖለቲካ ንረብሓ ፍትሓዉን ደሞክራስያውን ቃልስና ዝጠቕም እንታይ ዓይነት ፖለቲካዊ ጥበብ ወይ ተዋስኦ ክንጻወት ንኽእል ዝብል ውልቃዊ ተበግሶ ግንከ ሙሉእ ደገፍ ተቐባልነት ዘለዎ ኣብ ዝንቃሳቐሰሉ ዘሎ ወድብ፡ብፍላይ ክኣ እቲ ብንጽህናን መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ በቢዘለዎ ዓቕሚ ዝሳተፍ ዘሎ ሓፋሽ ህዝቢ ናእዳን ደገፍን ተቐራብነትን ዘርኢ ዘሎ፣ተሰፋ ዝህብን ናይ ለውጢ ሕልንኡ ዘደልድልን ኮይኑ ክርኣየና ከሎ፣ ኣብ ክንዲ ነዚ ስሚዒት ባህግን ምልዓል ህዝቢ፣ተሞርኪሱ ኣብ  ምእላይን ምቕላስን ጊዜኡ ዘካናውን፣ብኣንጻሩ ዘይ ኑጽር ወይ ኣማታኢ ኮይኑ ስለ- ዝተሰማዓና፡፡እዋኑ እዋን ኑጹርነትን ቁሩብነትን ምዃኑ ኢና ንግንዘብ፡፡

ካብዚ ዝነቐለ ኩሉ ዝግበር ምውሳእ፣ንጉጅለ ህግደፍ ንምስንባድ'ዶ ወይስ ሓያል መስርሕ ብምኽታል፣ካብ ስሩ ተማሕዩ ዘልግሰሉ'ዩ ክጥቀም ዝግባእ?፡፡

ብወገና ኩነታት ብዝፈጥሮ፣ ተቐራብካ ጸኒሕካ ውሕጅ ህዝባዊ ናዕቢ ለኻኺምዎ ዝኸደሉ ኣጋባብ ወይ ስትራተጂ ክህልወና እዩ ዝግባእ፡፡

እዚ ንምክንዋን ኣብ ዘይጥረሸ ዝተናውሐ ዘተን ክትዕን እቲ ኸንጥቀመሉ ዘሎና ግዜ ክበክን ወይ ክምህንን ምዃኑ እዚ ናይ ሳላሳ ዓመት ቃልሲ ንፍትሒ ፍረኡ እንግንዘቦ ኮይኑ፣ ካብ ኣሳራርሓን እነካይዶ ተቦግሶታት ቀጻሊ ምምሕያሽ ምሕዳስ ምጽጋን ስለ ዘይንገብርን፣ ብጉቡእ ገምጋም ስለ ዘየነማልእ ኮይኑ ይስማዓና።ስራሓት ክሰልጥ እንተ-ደኣ ደሊና በቢዓይነቶም ኪኢላታትን ሰብ ሞያን ውክልና እናሃብካ ቐጻሊ ስራሕን፣ዕለት ብዕለት ምስ ኩነታቱ ምትዕጽጻፍ ዝግበረሉ ባይታት ምድህሳስን ቅርቡነትካ ምርኣይን'ዩ ናይ ለውጢ ሓይሊ ኸብለካ ዝኽእል ራኢ'ዩ ዘሎና፡፡

ምኽንያቱ ካብ ትዕዝብትና ካብ ቆጸራ ናብ ቆጸራ ካብ ክትዕ ናብ ክትዕ ንሳጋገር ዘሎና ኮይኑ ስለ ዝርኣየና **ዘተን** ኣብ ነንሕድሕድካ ምክታዕ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ ኣብ ሞንጉኡ ዝፈጥሮ ጠቓምነትን ከውርዶ ዝኽእል ቀይዲ መገድታት ምልላይን ምፍላጥን ነቲ ከተዕውቶ እትደሊ ዕላማ ሓጋዚ ጥራይ ዘይኮነስ ቀንድን ዑዝዙን እዉን እዩ፡፡

ብወገና **ዘተ** ንዝጀመርካዮ ስራሕ፣ዕለት ብዕለት ክትግምግም ምትሕድዳስ እተእትወሉን ዝጠቅም ክኸዉን ከሎ፥ **ኽትዕ** ወይ **ዘይውዳእ ሞጎት** ግን ካብ እቲ ዘይትራዳደኣሉ ኣርእስቲ ነቒጽካ፣ ናትካ ራኢ ዝራጋገጸሉን ብናትካ ዓይነተ ትንታነ ክኸይድ ምጽዓር ዝጠፍእ ወርቃዊ ግዜ ምብኻን ኮይኑ'ዩ ዝርኣየና፡፡

ከም ተረድኦና ንዘይ-ተሳማማዕካሉ ኣርእስቲ ፍታሕ ትረኽበሉ ናይ ሓባር ጉጅለ ወይ ሓይሊ ዕማም ሂብካ፣ እቲ ኣውራ ኣራኺቡካ ዘሎ ጉዳይ-ሃገር ንቕድሚት ዝኸደሉን ዝምዕብለሉን'ዩ ክኸዉን ዝግባእ። ካብ ትዕዝብትና እዚ ዓይነት ኣጋባብ ኣሳራርሓ እንኽተል ዘሎና ኮይኑ ኣይርኣየናን፡፡

ዓበይቲ ፖለቲከኛታት ከም ዝምህርዎ፣ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመር ብዘይ-ወነነ ግዝያዊ ረስኒ **ሆ** እናበልና ኣይነድምዕ ኣይነስምዕ ከይንኸዉን ምእንቲ ጡንቁቕን እርኑቡን ኑጹር ፖለቲካዊ ስትራተጂን ስልትን ክህልወና ይግባእ።

ፖለቲካ ከም ዓቢ ስነ-ጥበብ  ወይ ብልሓት ንኹሉ ዘጋጥም ጸገማት ምፍታሕ እትጥቀመሉ መስርሕ ስለ ዝኾነ ዓቢ ኽእለትን ብቕዓትን ካብ ኩሉ ሉዑል ዝኾነ (personality) ሰብኣዊ-መንነት ከተጥሪ ምስ ዝካኣል፣ ተሰማዕነትን ህቡብነትን ክህልወካ ምእንቲ ካብ ግብራዊ ስራሕ ዝተሞርኮሰ፣ ልእላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን፣ ቅድመ-ኩሉ ብምስራዕ ኣብ ሰፊሕ ጥርናፈ ህዝቢ ንምብጻሕን፣ ንኹሉ ዘጽልል ፍትሓዉን ዲሞክራስን ኣሳራርሓ ክተበርክት ምስ እትኽእል ይኸዉን። ኮታ ህቡብ ክትከዉን እትኽእል ብእትገብሮ መደረታት ዘይኮነስ፣እቲ እትብሎ ብግብሪ ከተመስክሮ ምስ እትኽእልን ንዓወት ዝጽውዑ ህሞት ከይሓልፉኻ ቁሩቡን፣ ብኹሉ ዓይነት ዘዕግብ(optimize) ማሻ ወይ ዕድል ምጥቃም ሓጋዝትን ኣገደስትን ይኾኑ፡፡

ፖፐር(Popper)ክገልጽ ከሎ፣መሰረት ናይ ዝማዕበለ ደሞክራሲያ እቶም ተኣኪቦም ፍትሒ ንምርካብ ዝቃለሱ ናጻ ኮይኖም ምስ ዝዛተዩን እቲ ዘሕለፍዎ ውሳኔ ነቲ እሳቶም ዝወከልዎ ውድብ ዝጠቅም ኢሎም ዘይኮነስ ንረብሓ ህዝቢን መሰል ውልቀ ዜጋ ዝኸብረሉ ፍትሒ ልዕሊ ኩሉ ዝራጋገጸሉ ንምብጻሕ ብደሞክራስያዊ መገዲ ዝጸድቀሉ፣ኩሎም ተዋሳእቲ ንቑሓትን ኣስተብሃልትን ኣብ ርእሲ ምኳን እቲ ዘሕልፍዎ ውሳኔ ምስ ግዜ ዝማሓየሽን ዝጽግንን ምኳኑ ዝግንዘቡ፣ውዕላቶም ዘኽብሩ ንዘውጽእዎ ስርዓተ-ሕጊ ዘኽብሩ ሉኡም ዝኾነ ናይ ሓሳብ ውድድር ዝቕበሉ፣ንኹሉ ደምበ ፍትሒ ዝጠቅም ሃዋህውን ህሞትን ክመጽእን ከሎ ብቕልጡፍ ተቐቢሎም ረብሓ ኹሉ ረብሖኦም ምኳኑ ብደምቢ ናተይ ዝብሉ ምስ ዝኾኑ፡ጡጡሑን ነዊሕ ዘኸይድ መርሆ ዝሓዘት ጎደና ሓርነት ዝጓዓዙን፣ዲሞክራሲ ዝጥጣዓሉ፣ማሕበራዊ ናብራ ዝማሓየሸሉ፣ሙዑሩይን ሙዑቡሉን ቁጠባዊ ሂወት ዝማሓደረሉ፣ ፍልጠትን ራህዋን ዝጋላበሉ-ባይታ ይህሉ ይብል፡፡

ዝለዘ ሓላፍነት ተሰኪምኩም ዘለኹም መራሕቲ ውድባት፣ምንቅስቓሳት፣ህዝባውያን-ሲቪካውያን ማሕበራር፣ ብፍላይ ክኣ **ናይ ይኣክል ኣዋሃሃድቲ** ሉዑል ፖለቲካ ከተካይዱ ስለ እትጽዉዑ፣ኣብ ክንዲ ብብርቱዕ ናይ ቦታ ምሓዝ ድልየት፣ናትካ ኣንቅዶ/ሕልሚ ካብ ምኳን ሪሕቕኩም፣ ንጹር ህዝባዊ ራኢን ኣማዛዘኒ ዝኾነ ሓላፍነታዊ ውሳኔ እትወስድ ብሓጺሩ ርትዓዊ ክትኮኑ'ዩ ድልየት ፍትሓውያን ዝጠልቦ ኮይኑ ይስምዓና፡፡

እቲ ብወገና እንብሎ ኣገዳሲን ቀንድን ኣብ ሓደ ደሞክራሲያዊ ምትእኽኻብ እንከሎ ህዝቢ-ማእከል ዝገበረን ባዕሉ ዝሳተፉሉ ዝዋሳኣሉ ኪኢላታትን ምሁራት ዜጋታቱ ዓቕምታቶምን ዘበርክትሉ ኩለን ፈልስታት ዲሞክራሲ ተሞክሮታታእን ዘመዕብላሉ፣ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ብደምቢ ዝሰርዓሉ፣ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ጸገም ፍታሕ ንምርካብ ናይ ፖለቲካ ኣልጎሪዚም ተጠቒምካ ንህዝቢ ፍታሕ፣ንሃገር ምድሓን፣ ብፍላይ ኣብዚ እዋን እዚ ኣድላይን ወርቃዊ ሃዋህው ጎደባታትና ክንጥቀመሉ ውዓል ሕደር ዘይባሃሉ ህሞት እዩ፡፡

ካብዚ ዝነቐለ ተበግሶ ኣርካን ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ብዘይ ውልውል ጽልግልግ ዝበለ መግለጺታት ወጺእና ብቓልዕን ብኑጹህ ልቦና ኒሒን፣ንዑኡ እተሰኒ ናይ **መቕርብ ጉጅለ(ሽማግለ)** ክትህሉ ኣለዋ ኢልና ሓሳብ ነቕርብ። እዛ ናይ **መቕርብ ሽማግለ** ካብ ኩሎም ባእታት ደምበ ፍትሒ ዘለዋ ባይቶ ትቐውም፣ከም ምጅማር በተን ድሮ ኣብ ስምምዕ ተቓራሪበን ወይ ናብ ውዑል ዝኸዳ ዘለዋ ክጅመር ከሎ ነቶም ገይና ዘይቀረቡ ወይ ኣብ ውዑል ዘይበጽሓ ዘለዋ፣ማዕጾን ኣብ ዝኾነ እዋን ብወከልቶም ክጽንበርዎ ከም ዝኽእሉ ንጹር ሓቤረታ ዘለዎ ሰነድ ክኸዉን ኣለዎ።

ኣቃውማ፡

1) ምሉእ ጉጅለ(ኩሎም ተሳተፍቲ ናይ **መቕርብ ሽማግለ**)ነቲ ጉዳይ ብምልላይ ኩሉ ኣድላይ ሓቤረታ ምሃብ፣ካብ ኩለን ውድባትን ምንቅስቓስትን ህዝባውያን ንሲቪካውያን ማሕበራት፣ብዝበዝሐ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ ብ-ተመጣጠኒ ውከላ proportional representation ዝጥቀም ኣጋባብ ትቐውም
2) ንናይ ሓባር ስምምዕ መስርሕን **ዋሃቢ-ቃል** ሽማግለ መግለጺ ናብ ምድያን ህዝብን ይዝርጋሕ
3) ንኣሽቱ ጉጅለታት(ሓይሊ ዕማማት)ብኺኢላታትን ምሁራት ካብ ኩሉ ጾታን ሕብረ-ብሄራት ዝሳተፍዎን በቢ ዓቕሞም ዘበርክትሉ ክቕማን ሕጋዉን ዲፕሎማስያዉን ሰነዳትን ምኽርን ዘሰናድዉ

4) ነፍሲ ወከፍ ንእሽቶይ ጉጅለታት ኣዋሃሃዲን ኣፈ ጉባኤኡ ይህልዎ
5) ኩሉ ስርሓት ንኣሽቱ ጉጅለታት ብጉቡእ ተሰኒዱ ናብ ጠቕላሊ **መቕርብ ሽማግለ** ይስርከብ። ነዚ ዝቐርበ ሰነድ ናይ ንኣሽቱ ጉጅለታት ምስ ኩሎም ኣባላት **መቕርብ** ግዜ ከይተበልዐ ተዛትዮም ኣብ ግብሪ ይትርጎም። **ዋሃቢ-ቃል** ናብ ምድያ የቕርብን ንህዝቢ ብመራኸቢ ቡዙሃን ከም ዝዝርጋሕ ይግበር። ወኸሰታትን ርእይቶን ህያሰን ብደምቢ ከም ዝተኻታተሎቶ ዘርኢ **ዋሃቢ-ቃል** ንህዝቢ ኣብ ምድያን ህዝባዊ መራኸቢታትን ትህብን ትዝርግሕን።

ካብ ታሪኽ ኣቦታትና ብምዝካር፡” ብትዕቢት ምስራሕ ዝጠቕመና ኣይመስለንን፤ብፍቕርን ብትሕትናን ብምክብባርን እንተዘይኮይኑ፣ ብኣዛዝን ተኣዛዝን ዝካየድ ስራሕ ኣብ ሞንጎና ከይርከብ ሓደራ ቅድሚ ሕጂ እንተ ተረኺቡ ከይድገም ሓደራ ”። ዝብል ቃለ-መዝገበ ታሪኽ ከም ዝገልጾ እናዘከርና ኩሉ ካብዚ ማፍያዊ ዱስጁጣ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ሃገርና ዝገዝኣሉ ኣትሒዝና ዋላ ኣብ ብረታዊ ቃልስና ኮሎና ዘየ-ማዓራርናዮ ጉድለታት ስጋብ ገበናት ወርቃዊ ግዜ ለወጢን ፍትሕን ዲሞክራስን እና ዘከርና፣ ኣብዚ ቀረባ እዋን እዉን እንተኾነ እቲ ተዋስኦ ናይ ደስቡጣ ኢሳያስን ሓድሽ ዕርክነት ምስ ቀዳማይ ሚኒስትሪ ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድ ተበጊሱ ሕጅስ ይኣክል ዝበለ ምልዓል፣ ንዝጎደሎ ናይ ተሞክሮ ሕጽረት ብምእራም ዱልዱል ሃገራዊን ዲሞክራስያዊን ህዝባውን ብትካል ዝሰርሕ ክንገብሮ ገይና ዘይበቓዕና፣ምስከሩ እዚ ዘለናዮ ህሞት እዩ፡፡ ኣብ ናትና ዕርዲ ኮፍ ኢልና ለመምታዊ ሓበራዊ ስርሓት ከነካይድ ኮሎና እቲ ሆየ ሆየ ዝብል ህዝባዊ ምልዓል ናብ ህዝባዊ ናብዒ ዝሳጋገረሉ መገዲ ከነትሕዞ ዘይምኽኣልና ናይ ታሪኽ ተሓተቲ ምኳና ኣይንረስዕ፡፡

ሕጂ’ዉን እዚ ናይ ኣርካን ሓርበኛ ተጋዳላይ መስፍን ሓጎስ ምስቲ ናይ ይኣክል ምልዓልን ናይ ውድባት ምቅርራብን ኣዋሃሃድካ ካብ ድልየትን ትምኒት ሓሊፉ ፡ቁሩባት ኢና ዝብል ዘሎ ምልዓል ብኪኢላታት ቀለስቲ ኣለይትን ዝካየድ ኣጋባብ ስራሕ የዲሊ ምህላው ንኹሉና ብሩህ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ሃየ ንጠቀመሉ ከምቲ ሓቢርናዮ ዘሎና ንኹላትና እተሳትፍ ናይ **መቅርብ ሽማግለ** ነቲ ዘድሊ ስጉምቲ እትወስድ ሓላፍነት ዝዋሃባ ተድሊ ኣላ ዝብል ራኢ ኣሎና፡፡

ሕጂዊን ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራማር ተባራበር

ኣቕረብቲ ፍትዊ ክፍለ ምስ ብዙ ቡቱኞሊ